# ዕውት ሕዝባዊ መኽተ ሽቱትጋርት

ብዕለት 20.11.2011 ክብር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ከምኡ ወ/ሮ ሳባ ስዩም ኣደ ወንበር መኽተ ጀርመን፣ ኣባላት ኮንስላዊ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝቐመጡ ልዕሊ 400 ሃገራውያን ኤሪትራውያን ዝተሳተፍዎ ልዑልን ውዕውዑን ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ዕዉት ሕዝባዊ መኽተ ኣኼባ ተኻይዱ።

ኣቦ ወንበር ኣሳናዳኢት ሽማግለ ኣቶ ገብረሚካኤል ሃብተማርያም ኣብ መእተዊ ዘርብኡ ዕውት ሰሚናር ክኸውን ምኒዮቱ ገሊጹ። ቀጺሉ ዶ/ር ኣማኑኤል ትኩእ ብዝተፈላለዩ ሽንኻት ዝመጹና ዘለዉ ብድሆታት መርኣያ ዓወትናን ነርእዮ ዘለናን ምዕባለታት ምኻኖም ኣብሪሁ። እቲ ንጉዕዞ ልምዓትናን ዕብየትና ንምዕንቃፍ ዝግበር ዘሎ ብኣሜሪካን ብኸደምቱ ስርዓት ወያነ ዝእለም ዘሎ ሽርሕታት ማለት ሓድነት፣ ኤሪትራውነት ኣምር፣ ሓደ ልብን ሕዝብን ዝብል ስነ ሓሳብ እንተኾይንሉ ንምብታን ወይ ከኣ ንኽሃስስ ብወይጦታት ደቂ ሃገር ከምዘይዕወትሉ ብምልእ ምትእምማን ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪኡ ወ/ሮ ሳባ ስዩም ሕሉፍ መኽተና ታርኽ ቃልስናን ብጽንዓትን ዕላማን ዘይሕለል ቃልሲ እንበር ብመዝሙርን ተስፋን ከምዘይኮነ ነዚውን ክቡር መስዋእቲ ክንከፍል ከም ዝተገደድና ኣብሪሃ። ብተወሳኺውን ብምሉእ ምትእምማን መኽተና መኽተ ሕዝቢ ስለዝኾነ ንህላወናን ፍትሓውነቱ ዘረጋገጸን ተዓዋትን እዩ ብምባል ኣስሚራትሉ። ኣብ ሰሜን ጀርመን ዝርከብ መኽተ ሽማግለ ንመኽተ ሽቱትጋርት ናይ ደገፍ መልእኽቲ ምስዳዶም ብወ/ሮ ሳባ ተሓቢሩ።

ቀጺሉ ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ሕዝቢ ኤሪትራ ቅሩብን ዘይጸዓድን ሕዝቢ ስለዝኾነ ነቲ ናይ ባይቶ ጸጥታ ብቐጽሪ 1907/09 ዝፍለጥ እገዳ ብዝተሓባበረ ሓድነትን ንጥፈትን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢ ብዝነብሩ ኤሪትራውያን ከምዘፍሽሎ ገሊጹ።

ቀጺሉ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብ ትሕቲ ቅርጺ፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና ኣብ ጽዓት ኣብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ብብዝሕን ሸፈነን ዕዉት ስራሕ ብመንግስቲ ከም እተዓመ ብሰፊሕ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ ነቲ ርእስኻ ምኽኣል ዝብል ኣምር ግብራዊ ንምግባር ኣብ ሕርሻ`ውን ዓቢ ወፍሪ ከምእተገብረ ተሓቢሩ። መርኣያ እዚኸኣ ማይን ሓመድን ንምዕቅብ ስፍሓት ዘለዎ ዛላታትን፣ ራሕያታት ግድባት ኣብ ኩሉ ክርናዕ ኤሪትራ ከምዝተዋደደ ተገሊጹ።

ኣብ መዳይ ዕደና ዓቢ ወፍሪ ብምግባር ናይ ዳህሳስ ስራሓት ብናይ ወጻኢ ኩባንያታት እካየድ ከም ዘሎ ተሓቢሩ፣ ውጽኢቱ ድማ ትስፍው ምኻኑ ተሓቢሩ መርኣያ ናይዚ ከኣ ቢሻ ናብ ደረጃ ዕደና ከም እተሳጋገረ ከምኡ´ውን ናይ ዛራ መስርሕ ዕደና ተጻፊፉ ኣብ ቀረባ ጊዜ ኣብ ዕደና ከም ዝሰጋገር ተገሊጹ። ኣብ መደምደምታ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ሓድነትና ዓቂብና ከም ወትሩ በርቲዕና ብውህደት ክንምክት ኣታሓሳሲቡ።

ቀጺሉ ኣቶ ግርማይ ስዩም እቲ ኤሪትራ ሃገራና ኣብ ሻብዓይ ናይ ኣፍሪቃ ሻምፕዮን ብውሕሉል ውዳብ ናይ ኣፍሪቃ ሻምፒዮና ከተዳሉ ምኽኣላን ብኹሉ ውድድራት ከኣ ኀብለል ኮይና ምውጻኣ ንተወዳደርትን ንምሉእ ሕዝቢ ኤሪትራ ዮሃና ብምባል መደረኡ ፈሊሙ።

ኤሜሪካን ተጸባእትናን ኣብ ኣእምሮና ፍርሒ ንምስፉን ዝጥቀምሉ ሜላታት ኣስፊሑ ድሕሪ ምግላጽ ኤሪትራውያን ግን ብቐሊሉ ብስነ ኣእምራዊ ውግእ ጥራይ ዘይኮነስ ኸደምቱ ወያነ ልኢኹ ዘካየደለና ቅሉዕ ወረራ ውን መኪትና ስለዘፍሸልና ዘይንጻዓት ሕዝቢ ምኻና ከምዘመስከርና ገሊጹ። ነቲ ኣብ ርእሰና ተመርኩስና ንገብሮ ዘሎና ክዕንቅጹን ከሰናኽሉን ከምኡ`ውን ርእስና ከነድንን እዞም ሰብ ፍሉይ ረብሓ በቲ ናቶም መጋበርያ ዝኾነ ባይቶ ጸጥታ ኣእጊዶምና። እንተኾነ እገዳ ንዓና ኣብሊሑናን ኣሰዊዱና እምበር ርእስና ኣየድነነናን። ልኡኽን ከዳምን ናይዞም ፍሉይ ረብሓ ኸኣ መለስ ዜናዊ ኤሪትራ ብተርእዮ ዘላ ዕብየትን ምዕባለን ብቕንእን ቅርሕን ተሓሚሱ መጋብርያን ባርያን ኮይኑ ዝለኣኽዎ ክገብር እኳየ ኣሎ ብምባል ኣቶ ግርማይ ብሰፊሑ ኣብሪሁ። ብምስላ ኣሰንዩ ኸኣ „ሕማቕ ከልቢ ዋንኡ ይነክስ“ ከምዝባሃል መለስ ንዓና ኤሪትራውያን ተመሊሱ ዋንኡ ዝነክስ ሕማቕ ከልቢ እዩ መኽንያቱ መለስ ነቲ

ኣስኒቖን ኣዕጢቖን ኣቃሊሶን ተቓሊሶን ኣብ መወዳእትኡ ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓንጊሩ ብምእታው ኣብ ስልጣን ኮፍ ዘበሎ ህዝቢ ኤሪትራ ክሒዱ ደም ናይቶም ስለኡ ዝተሰዉኡ ስውኣትና ደሞም ከይነቐጸ እንከሎ ግልብጥ ኢሉ ሺሾ ሰራዊት ኣኽቲቱ ንህዝቢ ኤሪትራ ክጭፍልቕን ከጽንትን ከዳዕን ዝሃቀነ ወስላት መራሒ እዩ።

ቀጺሉ ኣቶ ግርማይ ናይ ከዳሚ ከዳሚ ኮይኖም ብስም ኤሪትራውያን ህዝብን መንግስትን ዘጻልሙ ዘለዉ መንነት እዞም ዕሱባት ብዝርዝር ከፋፊሉ ዕሙቕ ዝበለ መብርሂ ሂቡ።
ኣብ መጨረሻ ኣቶ ግርማይ ኣብቲ ዕምቖት ዘልዎ መሳጢ መደርኡ ኤሪትራ ኣብዚ ጊዜ`ዚ ኣብ ዝበረኸን ትስፍውን ሃዋህው ስለ ዘላ ብፈኸራን ዓጀውጀውን ናይ ጸላእትናን ተጻባእትናን ጅሆ ንተሓዘሉ መድረኽ ዘይኮነ በንጻሩ ነቲ ብጻዕርና በጺሕናዮ ዘሎና ዓወትን ምዕባለን ኣብ ዝበረኸን ዝለዓለን ደረጃ ከነብጽሖ በርቲዕና ክንሰርሕ ብምትሕስሳብ መደርኡ ደምዲሙ።

ቅጺሉ ኣቶ ዮውሃንስ ርእሶም ማዕከናት ዜና ናይ ፖለቲካ ቀንዲ መሳርሒ ብምዃን ነቲ ዝንቡዕ ፖሊሲ ናይ ምዕራብውያን ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ከስርጻ ኣዝየን ዓቢ ተራ እየን ዝጻወታ። ሓቂ ዓምጺጽካ ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ንዝግበር ዘይፍትሓዊ ተግባራት ሕጋዊነት ከልብሳ ማዕከናት ዜናታት ዓቢ ጽልዋ ኣለወን ብምባል ኣስሚርሉ። እዞም ብስም ኤሪትራውያን ብወያነ ተመዊሎም እቲ ረሳሕን ፍንፉንን ዕዮ ገዛ ናይ ወያነ ዝሰርሑ ከኣ ታሪኽ ኣብ ምዕባሊኡ ሓተላ ገዲፉ ስለዝሓልፍ እዚኦም ውን ናይ ታሪኽ ሓተላ እዮም ብምባል መደርኡ ዛዚሙ።

ቀጺሉ ካብ ተጋባእቲ ክልተ ንስምዒት ናይቲ ሰሚናር ዘንጸባርቕ ጎስጓሲ ግጥምታት ተነቢበን። ብተውሳኺ ውን ካብ ተኻፈልቲ ናይቲ ጉባኤ ነቲ መንግስቲ ኤሪትራ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ልምዓት ስራሓት ብምውዳስ ካብ መንግስቶም ዝሕተት ዝኾነ ከማልኡ ድልዋት ከምዝኾኑ ኣረጋጊጾም። ተኻፈልቲ ሕዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርት ኣብ መደምድምታ ውሳኔታት ኣሕሊፎም እቲ ውሳኔታት ከኣ ብ ኣቶ ዮውሃንስ መብራህቱ ኣባል ሽማግለ መኸተ ተነቢብ።

## ውሳነታት ኣኼባ መኸተ ስቱትጋርትን ከባቢኡን

*ንሕና፡ ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ንነብር ብዕለት ሕዳር 20, 2011 ኣብ ዝገበርናዮ ኣኼባ ብውዕዉዕ መንፈስን ኒሕን ዝመልአ ንህልዊ ኩነት ሃገርናን ከባቢናን ከምኡ'ውን ዓለማዊ ጽልዋ ኣብ ከባቢና ዘተኮረ ነዊሕን ሰፊሕን ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ እዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ነመሓላልፍ*

1. እቲ ብስም ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብይን፡ 1907/2009፡ ብህጹጽ ክለዓል ንጽውዕ:: ብወያኔን ብምምሕዳር ኣሜሪካን ተሃንዲሱ ብጋቦን ቀሪቡ ዝበሃል ዘሎ ኣብ ዓለም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ዝኾነት ትኹን ሃገር ዘይተገብረ እገዳ ቅንእን ቅርሕንትን ዘበገሶ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ስለ ዝኾነ ንሓንከርቱ ወያኔን ንኣሳሰይቱ መንግስቲ ኣሜርካን ኣጥቢቕና እናተቓወምናን እናኾነንና ተቐባልነት ከይረክብን ክንጸግን ንጽውዕ።

2. ንኹሎም ብጸላእትናን ተጻባእትናን እናተመወሉ ሓድነትና ንምብታንን ነዛ ብደም ስውኣት ዝመጸት ሃገር ዳግም ኣብ መቕሓ መግዛእቲ ንምእታውን ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ ሃሱሳትን ከዳዓትን ካበይነቶም ብዘየገድስ ኣትሪርና ንቃወምን ንኹንን።

3. ዋላ'ኳ ኣብ ስደት ንሃሉ ደኣምበ'ር: ሃገር ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ስለ ዝኾነት ሃገራዊ ግቡእና ምዃኑ ፈሊጥናን ተረዲእናን ብሰናይ ድሌትናን ብፍቓድናን ንሃገርና ንገብሮ ኣበርክቶ ክኽልክለና ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ከም ዘየለ ንርዳእ እኳ እንተኾንና ንምዕጋትና ዝግበር ፈተነ ግን ክንብድሆን ከነፍሽሎን ምዃንና እናገለጽና ኣትሪርና ንቃወሞን ንነጽጎን።

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!
*መጉስ ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ!::*
ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል!
*ዓወት ንሓፋሽ,*

ሽቱትጋርት። ሕዳር፣ 2011